# ሕጂኸ ናበይ?

## ቃለ መጠይቕ ምስ መስፍን ሓጎስ

**ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ**

**20/7/2007**

**ኣቕራቢ ጋዜጠኛ ድምጺ ሓርነት**

**ሳልሳይ ክፋል**



ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት ናይ'ዚ ቃለ-መጠይቕ'ዚ ብዛዕባ ኵነታት ዉሽጢ ሃገርናን ኣብ ዞባና ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላውን ሓደስቲ ምዕባሌታትን ጠቒስና ከም ዝዘተና ዚዝከር'ዩ። ኣብዚ ናይ ሎም ክፋል ከኣ ኣብ ኵነታት ደምበ ተቓውሞ፣ ውሽጣዊ ኵነታት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ርክባት ምስ ኢትዮጵያ ዘትኮረ ኾይኑ መልስታት ናይ'ዞም ዚስዕቡ ሕቶታት ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና፡-

- ሓፈሻዊ ኵነታት ደምበ-ተቓውሞ ንምንታይ ከም ትጽቢትና ዉጽኢት ኣየርኣየን?
- ሓደስቲ ሰደተኛታት ንምንታይ ተገዲስኩም ዘይትጥርንፍዎም?
- ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ (ሰዲኤ) ኣብ ቅልውላው ድዩ ዘሎ?
- መስፍን ሓጎስ ክብርታት ህዝባዊ ግንባር'ዩ ዚኹስኵስ ተባሂልካ፣ ሓቂ ድዩ?
- እምነት ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ደምበ ተቓውሞ ለጠቕ ኢሉ ንረኽቦ፣ ስለምንታይ?
- ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝምድና ጌና ኣሻኹ'ዩ ዘሎ ዚብል እምነት ብኸመይ ትርእዮ?
- ኵነታት ሃገርና ኣብ ሰንፈላል ከሎ ምስ ኢትዮጵያ ዚግበር ርክባት ብስነ-ምግባር ቅኑዕ ድዩ?

እምበኣርስከ ናብ'ቶም ሕቶታት ንስገር።

**ሕቶ፣ ደምበ ኤርትራዊ ተቓውሞን ምዕባለታቱን ብዝምልከት ብሓፈሽኡ እንታይ ትነግረና?**

ኤትራዊ ደምበ ተቓውሞ ተባሂሉ ካብ ዝፍለጥ ኣትሒዙ፣ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣድማዒ ስራሕ ዓሚሙ ዝብሃል ኣይኾን'ምበር፣ ህላዌኡ ንባዕሉ፣ ተስፋ ንህዝቢ ኤርትራ ነይሩ። ይኹን'ምበር፣ ካብ ንቕድሚት፣ ንድሕሪት ዝስጉመሉ እናዓበየ ኢዩ መጺኡ። ዋላ'ኳ ኣብ መንጎ ውድባት ኤርትራ ናይ ፖለቲካ ፍልልያት ኣሎ ከብል ዘድፍር ገለ-ገለ ኣብነታት እንተ ጸንሐ፣ ኣብ ዝተሓተ ናይ ሓባር ዕላማታት ብሓባር ክሰርሑ ዘየኽእሎም ግን ኣይነበረን። እዚ ፍልልያት'ዚ ንሓዋሩ'ውን ክህሉ

ዝኽእልን ናይ ሓደ ኣብ ልዕሊቲ ካልእ ዕብለላ (ዓወት) ብሰላማዊ ቃልሲን ውድድርን ክረጋገጽ ዘለዎን ኢዩ። ኣብ ብዝሐ-ሰልፋዊ ሕብረተ-ሰብ፡ ክሳብ ብቅዋም ሃገርን ካብኡ ብዝምንጨ ሕጊታትን ተገዚኡ ዝኸደ፡ ህላወ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ርእይቶታትን ሰልፊታትን/ውድባትን ንቡርን ቅቡልን ኢዩ። ኣብ ናትና ኩነታትን ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜን፡ ኣብ መንጎቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝነበሩ ውድባት፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት ዝተራእየ ፍልልያት ብፍላይ፡ ንባህርይን ኣተኣላልያን ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባት ዝጸንሐን ዘሎን ፍልልያት ዘንጸባርቕ ኢዩ። እዚ ማለተይ፡ ፍልልይ ውድባት ኤርትራ ስነ ሓሳባዊ ይኹን ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ካብ ዘይከውን ብዙሕ ኰይኑ። ዝበዝሐ ፍልልያት፡ ኣብ ናይ መራሕቲ ውልቀ ዝምድናታትን ረብሓታትን ዘተኰረ ኢዩ። እዚ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሃይማኖት ኣብ ፖለቲካ ተራ ክህልዎ የብሉን፡ ክህልዎባ ኣለዎ፡ ዝብል ዘሎ ፍልልያት ገዲፈ ማለት'ዩ። ካልእ፡ መሰረታዊ ፍልልይ ኣሎ ከብል ዝኽእል ኣይኰነን። ብሓባር ክሰርሑ'ውን ኣይከልእን። ብፍላይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ዕድሚኡ፡ ብዝተመሓየሸስ ይትረፍ፡ በቲ ዝነበሮ ኣገባብን ደረጃን ኪቕጽል ዘይምኽኣሉ፡ ንህዝቢ ኣጕህዩዎ ኢዩ። ሕጂ'ውን ናይ ቃልሲን ለውጢን ድሌታት ከይተዳኸመ ምቕጻል እንተ ዘይከውይኑ ካልእ ኣማራጺ የለን። ኪዳን ኣብ ክልተ ተኸፊሉ። ክዉን ሓቂ ስለ ዝኾነ ኪከሓድ ዘይብሉ ኢዩ። ኣብ ክልተ ምኽፋሉ፡ መውዳእታ ናይ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ውድባት ዝህሉ ሓባራዊ ስራሕን ምርድዳእን ማለት ኣይኰነን። ተመክሮ ክልተ ዓመት ይኹን፡ ኣብ ክልተ ንምክፋል ጠንቂ ዝኾኑ ረቛሒታት ብዕትበት ኪግምገሙ ሓድሽ ዕድል ተኸፊቱ ኣሎ። ካብ ናይ ቅድም ዝሓሸ ኣገባብ ብምፍጣር፡ ዳግም ከቀራርብን ብሓባር ከስርሕን ዝኽእል፡ ጥዑይ ባይታ ንምፍጣር ካብ ምጽዓር ከጎናድበና የብሉን። እቲ ኣገዳሲ፡ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ይኹን ጉጅለ ውድባት፡ ኣብ መንጎኡን ካልኦትን ንዝፍጠር ናይ ኣረኣእያ ይኹን ኣገባብ ፍልልያት፡ ብኣወንታ ክርእዮን፡ ክሳብ ሕጂ ንኤርትራውያን ካብ ዘህለኸ ናይ ኣንጻር ሓድሕድ ዝቐንዐ ፕሮፓጋንዳዊ ኩናት ምግልጋልን፡ ንናይ ካልኦት ርእይቶታት ናይ ምኽባር ባህሊ ምትእትታውን ሕቶ ኢዩ።

**ሕቶ፡- ብዙሓት ኤርትራውያን ሃገር ገዲፎም እናወጹን ተቓውሞኦም ንመንግስቲ ኤርትራ እናመዝገቡን፡ ጉጅለታት ተቓውሞ ነዚ ኣይተጠቐሙሉን፡ ስለምንታይ? ብዙሓት'ውን፡ ካብ ናይ ውድባት ተቓውሞ ውጽኢት ስራሕ (achievements) ሕጉሳት ኣይኰኑን። ስለምንታይ ኢዩ?**

ምስታ ቀዳመይቲ ዝቐረበትለይ ሕቶ ተተሓሓዘት'ያ። ልክዕ'ዩ፡ ህሉው ኩነታት ኤርትራውያን ውድባት፡ እዞም ካብ ኤርትራ ዝወጹ ዘለዉ ንኪሕወሱዎም ዝዕድም ኣይኰነን። ደቀቕቲ ፍልልያትና እናሃለዉ፡ ኣድማዒነት ዘለዎ ናይ ሓባር ስራሕ ክንዓ ምም ኽንኽእል ምኺንና ብግብሪ ከነረጋግጽ ኣይከኣልናን። ትጽቢት ህዝቢ፡ ስሙርን ኣድማዒን ህላወ ደምበ ተቓውሞ ክረጋገጽ፣ ዕማማት ብጭቡጥ ተሳሊጦም ክርኢ፣ ኩሉሳዕን ኣብ ክሉ መድረኽን ንህግደፍ ምብዳህ፣ ንህዝቢ ኣብ ሓባራዊ ዕላማታት ምጥርናፍ (rally ምግባር)፣ ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ናይ ቀረባ ምትእስሳርን ኣፍልጦ ኩነታቱን ዘለዎ ደምበ ተቓውሞ ምርኣይ (ምህላው) ዝኣመሰለ ኢዩ። እቲ ሓቂ ግን ኣንጻሩ ኢዩ። ካልእስ ይትረፍ፡ ኣብዚ እዋን ይስደዱ ናይ ዘለዉ መንእሰያት ይኹን፡ ናይቶም ካብ ቅድም ሒዞም ዝተሰዱ ዜጋታት መሰረታዊ ሽግራት፡ ኣብ ምእላይን ምፍታሕ'ኳ ንሓድሕድና ኣይተሓባበርናን። ብከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ካብ

ኤርትራ ይወጹ ንዘለዉ ኤርትራውያን ክትከስብን ኣብ ቃልሲ ክሳተፉ ተቐርቦ ጻውዒት ሰማዒ ክረክብን ኣይከኣልን። በቲ ካልእ መዳይ ድማ፣ ትጽቢታት ህዝቢ ክረጋገጹ ዘየኽኣሉ ብዙሓት ረቛሒታት ምህላዎምን፣ ግምት ምሃቦምን ኣገዳሲ ኢዩ። ሕጽረት ኩሉ ዓይነት ዓቕሚታት፣ ውሳነ (resolve)፣ መሃዝነትን ዲናሚክነትን፣ ውፉይነት፣ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ምስ (ናብ) ህዝቢ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ፣ ስእነት ብቑዕ መርሕነት፣ ክጠቀስ ይኽእል።

ካብ ኤርትራ ዝወጹ ዘለዉ መንእሰያት ተሳትፎኦም ኣብ ቃልሲ ክረጋገጽ፣ ተቓወምቲ ውድባት ብዝወስድኦ ስጉምቲታት ዝውሰን ኪኸውን ግን የብሉን። ተቓወምቲ ውድባት፣ ሓጋዝን ኣሳላጥን ተራ ክጻወታ ድኣዩ ዘለወን'ምበር፣ ማዕጾ ቃልሲ ዝኸፍታን ዝዓጽዋን ኰይነን ክርኣያ ወይ ኪቕረባ ኣለወን ማለት መዓስ ኰይኑ። ንምስታፎም ክሓስባን ክሰርሓን ኣለወን ይበሃል'ምበር፣ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናቶም ኢዩ። ንርዱእ ምኽንያታት፣ ናይዚ እዋን ኤርትራዊ መንእሰይ፣ ኣብ  ቃልሲን ለውጢን ንምስታፍ ዘለዎ ቅሩብነት ከምቲ ኪኸውን ዝግብኦ ኣይኰነን ኢየ ዝብል። ንመንእሰይ፣ ብግዱ ይኹን ብልማኖ ከተቃልሶ ኣይከኣልን'ዩ። ብድሌቱ ኪበጽሖ ዘለዎ ውሳነ ኢዩ። ካብ ሃገሩ ኪወጽእ ከሎ፣ ብድሕሪኡ ዝገደፎ፣ ኣብ ደገ ኰይኑ ከሰላስሎ ዝወሰኖ ስድራቤታዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ህጻናትን ኣረግቶትን ኣብ ጥሜትን ጸልማትን ደፊኡ ንዝመጸ መንእሰይ ሓላፍነትካ ገዲፍካ ምሉእ ግዜኻ ተቓለስ ክትብሎ ይኹን፣ እንተ በልካዮ ንሱ ክሰምዓካ፣ ቀሊል ኣይኰነን። እቲ ዝኸፍአ ግን፣ ህሉው ስርዓት ብሰንኪ ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዒ፣ ኣብ መንእሰያትና ዝተርፍ ዘሎ ስምብራት ኢዩ። ኣብ ኣተሓሳስባ መንእሰያት፣ ኤርትራዊ ሃገርነት ይዳኸም ኣሎ። ካብ ህዝባ ዝባደመት፣ ዝደኸመላ ዜጋኣ ጻምኡ ዘይረኽበላ፣ ምሉእ ህዝባ ንናይ ሓደ ሰብ ድሌት ግዙእን ኣገልጋሊን ዝኾነላ፣ እንታይ ትኸውን ሃገርያ ኣብ ዝብል መደምደምታ ኢዩ በጺሑ። ኣብዚ ተራ ውድባት ኣገዳሲ ይኹን'ምበር፣ ኤርትራዊ መንእሰይ፣ ኣብ ህሉዋት ውድባት ኣትዩ ናይ ምቅላስ ይኹን ካልእ ኣማራጺ ናይ ቃልሲ መድረኽ ምፍጣር ይኽእል'ዩ ። ምድኻም ሃገራዊ ስምዒት፣ በዚ ሕጂ ዝርአ ዘሎ ናይ መንእሰይ ካብ ናይ ለውጢ ቃልሲ ምርሓቕ ጥራይ ክምዘን ዘለዎ ኣይኰነን። ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕን፣ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝኸፍአ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዝህልዎን ኢዩ። እዚ ክብል ከለኹ፣ ብወገን ኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባት ኪግበር ዘለዎ ነገር የለን ማለተይ ኣይኰንኩን። ኣብ ርእሲ'ቲ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ነጥቢታት፣ ንኤርትራዊ መንእሰይን ምሁርን፣ ሃገራዊ ስምዒቱ ኣሐዲሱን ኣሐይሉን ናብ ቃልሲ ንለውጢ ክሳተፍ ዝሕግዞ (ዝዕድሞ)፣ ኣወዳድባ፣ ንጥፈታትን፣ ራኢይን ከተኣታትዉ ኣለዎም።

ልክዕ'ዩ፣ ብኤርትራውያን ውድባት ተቓውሞ ኣዕጋቢ ውጽኢት ወይ ከኣ ምስ ህይወቶም ዚተኣሳሰር ስራሕ ስለ ዘይተዓመ ሕጉሳት ከይኰኑ ይኽእሉ። ውድባት ተቓውሞ ካብ ዝብሃል ሓጺር ግዜ ኣይኰነን። ኣብ ዓሰርተታት ዓመታት ናይ ተቓውሞ ዕድሜኦም'ውን ብዙሕ ምፍንፃላት ተራእዩ። እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዘጉሃየ ድማ እዚ'ዩ። ናይ ኤርትራን ህዝባን ጽቡቕ ዝደሊ ዘበለ፣ በዚ ኣሉታዊ ውጽኢትን ተመክሮን ከይሕጎስ ባህሪያዊ ኢዩ። እዚ ሓደ ጎኒ ናይቲ ዘይዕጉብነት ኢዩ። በቲ ካልእ ከኣ፣ እዞም “ዘይተሓጎሱ ብዙሓት” መንዮም? ካልኦት ብዝፍጽሙዎ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ዕማማት ኪሕጎሱን ከይሕጎሱን ጥራይ ድዩ ዘለዎም? ምባል'ውን ጽቡቕ'ዩ።

ምእንቲ ለውጢ ኪቃለሱ ዝተበየነሎም ውሱናት ኤርትራውያን የለዉን። ለውጢ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ስለ ዝኾነ፣ ኩሉ ሃገራዊ ክሳተፎ ኣለዎ። መቐረትን ምረትን ቃልሲ ኩሉ

ክጥዕሞ/ከስተማቕሮ ኣለዎ። ቀዳምነት ንውልቃዊ ጉዳያትካ ሂብካ ከተብቅዕ፡ ነቶም ምሉእ ግዜኦም ምእንቲ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ኪቃለሱ ዝፍትኑ ባእታታትን ውድባትን፡ ብዝፍጽሙዎ ጉድለታት ክትወራዘን፡ ንዕኦምን ውጽኢት ቃልሶምን ከተቆናጽብን፡ ርትዓዊ ኣይኮነን። ኣብ ውድባት ተቓውሞ ኰይኖም ዝቃለሱ ዘለዉ ጌጋታት የብሎምን ኣይብልን ኢየ። ጌጋታት ግን ካብ ማዕዶ ኣይእረምን ኢዩ። ልክዕዩ፡ ኣዝዩ ዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ፡ ደጋፊ ድኣ'ምበር፡ ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ብኣካል ኣባል ኮይኑ ኪቃለስ ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ ሕሉፍ ታሪኽና ይኹን ኣብ ናይ ካልኦት ህዝቢታት ታሪኽ ከምኡ ተጌሩ ኣይፈልጥን። ይኹን'ምበር፡ እቶም ተገደስቲ ኮይኖም ካብ ማዕዶ ብዛዕባ ጉድለታት ውድባት ዝዛረቡ መንእሰያትን ምሁራትን፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን ውድባት ኣትዮም ኪቃለሱ ኣለዎም። ነቲ ጌጋታት ይኹን ጉድለታት ከይፍጸም'ኧ እንተ ዘይኮነ፡ ኣብ ምውሓዱ ግን እጃም ክህልዎ ይኽእል ኢዩ። እቲ ዝተረፈ፡ ደላይ ለውጢ ኢየ ዝብል ኤርትራዊ ዜጋ'ውን፡ በብደረጅኡን ብዝጥዕሞን፡ ነቲ ቃልሲ ከበርክተሉ ክኽእል ኣለዎ። ንርእሰኻ ከየበርከትካ፡ ነቶም ከበርክቱ ህርድግ ዝብሉ ከተሽካዕልለሎም እንተ ኰንካ፡ ካብቲ ጌረሞ ትብሎ ዝዓበየ፡ ናትካ ጌጋ ኢዩ። ዝሓለፈ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ ህዝቢ ኢዩ ዘብሎ፡ ኩሉ ህዝቢ ስለ ተሳተፎ፡ ስለ ዘበርከተሉን ዋጋ ስለ ዝኸፈለሉን ኢዩ። እዚ ምእንቲ ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊን መሰል ዝግበር ናይ'ዚ እዋን'ዚ ቃልሲ ድማ፡ ጉድለታቱ ክውሕድ፡ ግዜ ክሓጽርን ህዝባዊ ክኸውንን፡ ናይ ኩሉ ተሳትፎ ክረጋገጽ ኣለዎ። ስለዚ፡ በዚ ክሳብ ሕጂ ዝርአ ዘሎ፡ ተቓወምቲ ውድባት፡ ናይ ህዝቢ፡ ኣውራ ድማ ናይ መንእሰያትን ምሁራትን፡ ተሳትፎ ተሓሪሙወን ኪቕጽላ እንተ ኰይነን፡ ጉድለታተን ክዛይድ'ምበር ኪጎድል ኣይኮነን።

**ሕቶ፡- ኣቕልቦና ናብ ንሰዲኤ ዝምልከት ጉዳያት ክንመልሶ። ኣብ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ ሰዲኤ ዘይምስምማዕ ከም ዘሎ ኣብ ቃልዕ ወጺኡ። ሰዲኤ ኣብ ቅልውላው ድዩ ዘሎ?**

ሰማዒን ተዓዛቢን ዝኾነ ሰብ ከም ዝመስሎ ክትርጉሞ ይኽእል'ዩ። ባህርያዊ ከኣ'ዩ። ኣብ መንጎ ኣባላት መርሕነት ሰልፊ፡ ኣብ ሓንቲ ጉዳይ ናይ ኣተረኻገጉማ ፍልልይ ተፈጢሩ። ፍልልይ ስለ ተፈጥረ፡ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ቅልውላው ኣትዩ ማለት ግን ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ መግለጺና ተሓቢሩ ዝነበረ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ መድረኽ ምይይጥ፡ እንተ ተመጠ ከኣ፡ ብሕጋዊን ዲሞክራሲያዊን ኣገባብ፡ ክድምደም ይኽእል ነይሩ። እዚ ግን፡ እቶም ኣብቲ ጉዳይ ዝዋሰኡ ኣካላት ብማዕረ እንተ ደልየሞ ጥራይ ኢዩ ኪረጋገጽ ዝኽእል። ኣብ ናትና ጉዳይ፡ ኣይተዓወተን። ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ካብ ዝምልከቶ ጽፍሒታት ወጻኢ፣ ካብ ሰልፊ ወጻኢ ከኣ ኣብ ጎደናታትን ማዕከን መርበባትን፣ ከም ዝዝርጋሕ ጌረሞ። ናቶም ምርጫ'ዩ። እቲ ሕቶ ናይ ሕልናዊን ፖለቲካዊን መብጽዓን ቀይዲን ጉዳይ ኢዩ። እዞም ክልተ እንተ ዘይሃልዮም ኪዕገት ኣይከኣልን። ካብኡ ዝዓበየ ማህሰይቲ ከይመጽእ፡ ኪግበር ዝከኣል መከላኸሊ ስጉምቲ ምውሳድ፡ እታ ዝተረፈትና ምርጫ ነይራ። ወሲድናያ ከኣ።

ኣብ ብዙሕ ዝርዝር ምእታው ጥቕሚ የብሉን። ካብቲ ሓቂታት ቁሩብ ምትንባህ ግን ሕማቕ ኣይመስለንን። እቲ ኣብ መንጎ ኣባላት መርሕነት ሰዲኤ ፍልልይ ፈጢሩ ዝብሃል ሕቶ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኣብቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተጋብአ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲምክራሲያዊ ኪዳን ምስታፉ ኢዩ። ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ልኡኽ ሰዲዱ ብፍሉይ ውሳነ ኣብቲ ጉባኤ ምስታፉ፡ ነቲ ኣብ ኣባላቱ ይኹን ኣብ ህዝቢ

ዝጸንሐ ኣረዳድኣ ኣብ ግምት ብምእታው ኢዩ። ቅድሚኡ ይግበሩ ኣብ ዝነበሩ ኣኼባታትን ጉባኤታትን ይገብሮ ከም ዝነበረ፣ ብዘይ ዘተን ውሳነን ልኡኻቱ ሰዲዱ ምተሳተፎ። እዚ ማለት ከኣ፣ ካብ ኣባላቱ ይኹን ካብ ህዝቢ፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ናብ ኢትዮጵያ ከይኣቱ ካብ ቅድም ዘሕለፎ ውሳነ ኣለዎ ዝብል ባዕላዊ ኣረዳድኣ ከም ዘሎ ስለ ዝገመተ ኢዩ። ሰዲኤ፣ ልኡኽ ሰዲዱ ናብቲ ጉባኤ እንተ ተሳተፈ እንታይ ኣወንታን ኣሉታን ኣለዎ ዝብል ሕቶ ኣብ ደረጃ መርሕነት ተዘትዩሉ። ኣወንትኡ ስለ ዘዛይድ ክሳተፎ ኣለዎ ኣብ ዝብል፣ ናይ ዝበዝሐ ኣባል መርሕነት ውሳነ በጺሑን፣ ተግቢሩዎን። ካብ ኣባላት መርሕነቱ፣ እቶም ነቲ ውሳነ ዘይፈተዉዎ፣ ክዋሓጠሎም ኣይከኣለን። ዝወሰዱዎ ምርጫ ከኣ፣ ብመጀመርታ ኣብ ውሽጢ ተራ ኣባላት ሰልፊ "ብመርሕነት ተጠሊምኩም" ዝብል ጎስጓስ ምክያድ'ዩ። ይጋገዩ ከም ዘለዉ፣ ዋላ'ኳ ድሌቶም፣ ጠለቦምን፣ ርእይቶኦምን፣ ሕጂ ብብዝሒ ድምጺ እንተ ተሳዕረ፣ ኣብ ዝቕጽል ግዜ ደጊሞም ከልዕልዎ ከም ዝኽእሉ፣ ኩሉ ብብዝሒ ድምጺ ዝስዓር ርእይቶ ግጉይ ማለት ዘይኮነስ፣ ሕጊ ስለ ዝኾነ ጥራይ፣ ንናይ ብዙሓት ድምጺ ክምእዘዝ ኣለዎ፣ ብዝበዝሐ ድምጺ ምምእዛዝ ማለት ብመባእታዊ ዲሞክራሲያዊ መትከል ምእማንን ምቕያድን ማለት ስለ ዝኾነን ቅዋም ሰዲኤ ስለ ዝእዝዞን፣ ይከበር፣ ... ወዘተ ዝብል ምሕጽንታታት ቀሪቡሎም። ነቲ ጉዳይ ከጋድዱዎን ምስ ውልቀ ሰባት እናተኣሳሰሩ ናብ ጽልኢን ባእሲን ከም ዝቕየር ንምግባርን ብዙሕ ፈተነ'ኳ እንተ ገበሩ፣ ድሌቶም ኣይተማልኣሎምን። ናይ ሓቂ እንተ ኮይኑ ግን፣ ኣብ መንጎ ኣባላት መርሕነት ሰዲኤ ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ፍልልይ ነይሩ ኣይብልን። ነፍሲ ወከፍ ኣባል መርሕነት፣ ኣውራ ከኣ እቶም እግሪ ሰዲኤ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ክረግጽ የብሉን ዝብሉ፣ ቅድሚ ሕጂ፣ ነዚ ጉዳይዚ ዝምልከት እንታይ ኣጠማምታ ነይሩዎን እንታይ ጌሩን ምግላጽ ሃስይኡ ከይበዝሕ ምስጋሩ ዝበለጸ ኢዩ። ክንዲ እከለ ከምዚ መርገጺ ነይሩዎን ጌሩን ምባል፣ ናይ ርእይቶን መርገጺን ናጽነቱ ከሕድጎ ዝኽእል ከም ዘየለ ከም ንኣምን ክርድኣና፣ ንሱ'ውን ብናይ ካልኦት ተመሳሳሊ ናጽነት ክኣምንን፣ ክሳብ ኣብ ናይ ሓባር ኣረዳድኣን ኣገባብን ንበጽሕ፣ በብዘሎናዮን ከካብ መድረኽናን፣ ንናይ ሓባር ዕላማን፣ ብሰላምን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ክንሰርሕ ኪቕበሉ ጥራይ ንምሕጸኖም። ኣኺሉ ዝተረፈ ሓድሕዳዊ ምክሳስን ምጽልላምን ኣሕሊፍናን ሕጂውን ነሕልፍ ኣሎናን። ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ (ውድብ) ኮንካ፣ ክልተ ኣማራጺ ናይ ስራሕ ኣገባባት ኢዩ ዘሎካ። ሓደ፣ ብውሽጣዊ ሕጊን ቅዋምን ሰልፊ ተቐይድካን ንዲሞክራሲያዊ መትከል ኣሚንካን ብሓባር ምኻድ። ካልኣይ፣ እዚ ክኸውን እንተ ዘይከኣለ ከኣ፣ ንተኣምነሉ ኣረኣእያታትን መርገጺታትን ክትትግብረሉ ዘኽእለካ መድረኽ ፈጢርካ ምስ ዝመስሉኻ ኮንካ ምቅላስ። ናተይ ድሌት ኣይተተግበረን ወይ ብካልኦት ቅቡል ኣይኮነን ኢልካ፣ ናይ ሓድሕድ ቆይቂን ባእሲን ምዕዳም (ምእዋጅ) ኣየድሊን ኢዩ።

**ሕቶ፡- ብገለ ካብ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ሰዲኤ፣ ከም ገና ንናይ ህዝባዊ ግንባር ክብርታት ትኾስኩስ ዘሎኻ ኮንካ ተነቚፍካ። ስለምንታይ?**

ብሰንኪ'ዚ ዝተጠቕሰ ጉዳይ ዝነቐፉኒ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኣይፈልጥን። ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ዘይኮኑ፣ ብፍላይ ከኣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ምኺናን ንዝኾነ ኣረኣእያታትናን መርገጺታታትናን ዘይቅበሉዎን፣ ናባይ ጥራይ ከይተወሰኑ፣ ንምሉእ ሰልፊ ካብ ምክፋእ ዓዲ ውዒሎም ዘይፈልጡ ኣለዉ። ትርጉም ዘለዎ ምኽንያት ከቕርቡ ኣይሰማዕናዮምን። ኣብቲ መጀመርታ ቁሩብ የተሓሳስበና ነይሩ'ምበር፣ ኣብዚ እዋን'ዚስ፣ ስለ ዘይንስከፈሉ፣ እንታይ ይብሉ ኣለዉ ክንፈልጥ'ኳ ግዜ ኣይነጥፍእን ኢና።

ካብ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ከም ኰስኲሲ ክብሪታት ህዝባዊ ግንባር ጌሮም ዝርእዩኒን ብቃልዕ ዝነቐፉኒን ኣለዉ ክብል ኣይክእልን ኢየ። ስለ ዘይሰማዕኩ። ብልክዕ ከምኡ ዝኣምኑ እንተልዮም ከኣ፡ ዝተሳተፉዎን ኣባላት መርሕነት ውድብ ኪኾኑ ዝተመርጹሉን ጉባኤ ካብ ዝጋባእ ዓመት'ኳ ኣይገበረን። ኣብቲ ጉባኤ፡ ኣባይ ይኹን ኣብ ካልእ፡ ካብቶም ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኰይኖም ዝተመርጹ፡ ከምዚ ዓይነት ነቐፌታ ኣይነበረን። እንተ ዝነብሮም ሽዑ ኪገልጹዎ ዕድል ነይሩ። ኣብ ብሕታዊ ዕላላት ዝብሉዎ እንተ ኰይኖም፡ ናቶም ዋኒን ኢዩ። ብድሕሪ መጋረጃ ድኣ፡ እንታይን ክንደይንከ ዘይብሃል።

በቲ ሓደ ወገን፡ ደጋጊመ ዝበልኩዎ ድኣዩ'ምበር፡ ካብቶም ኣብ ምምስራት ህዝባዊ ግንባር ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ሓደ ኢየ። ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ግንባር ዘሰላሰሎ ቃልሲ ብዓቕመይ ተዋሲአ። ምስ ዝነበሮ ብዙሕ ጉድለታት፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ምንባረይ የኾርዓኒን የሐብነንን። ካብኡ ዝሓሸ ጥራይ ዘይኰነ፡ ክንድኡ ዝኣክል መሪሕ ውድብ ነይሩ ዝብል እምነት ስለ ዘይነበረንን ዘይብለይን። እዚ፡ ንክብርታት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ሽዑ ግዜ ተመሊሰ ክርእዮ ከለኹ ኢዩ። ኣብዚ እዋን፡ ህዝባዊ ግንባር ይኹን ክብርታቱ፡ ነበር ኰይኑ ተሪፉ። ምስ ግዜ ኪቕየርን ኪምዕብልን ድሌተይን ትጽቢተይን ነይሩ። ግን፡ ኣይኰነን። ሕጂ ነየናይ ክብርታት ኢየ ኪኹስኩስ? ኣበይ ኰይነኸ? መስፍን ይኹን ካልኦት፡ ንህዝባዊ ግንባርን ታሪኹን ኪኾኑንኑ ዘይደልዩ፡ በዚኣ ጌርና ኢና ንተኽኣትኾም ካብ ዝብል ዝብገሱ ኣይሰኣኑን። በዚታት ካብ ምስካፍ፡ እዚውን ናቶም ዋኒን ኢዩ፡ ባዕሎም ይጨነቑሉ፡ ኢየ ዝብል።

ሕቶ፡- እምነት ህዝቢ ንምምላስን፡ ኩነታት ንምትዕርራይን እንታይ ኢኹም ክትገብሩ?

ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ከም ኣካል ደምበ ኤርትራዊ ተቓውሞ መጠን፡ ኩሉ ህዝቢ ዝጽበዮ ኣማሊኡን ዝጎድሎ የብሉን ኢለ ክዛረብ ኣይክእልን። ከም ንሓደ ሃገራዊን ህዝባዊን ዕ ላማ ዝቃለሱ መጠን፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከቡ ውድባት፡ ብውሑዱ፡ ኣብ ዝተሓተ ሃገራዊ ራኢን ፕሮግራምን፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ውድብ፡ ክንጥርነፍ ዘይምኽኣልና፡ ተስፋ ህዝቢ ከም ዝዳኸም ካብ ዝገብር ረቛሒታት ሓደን ቀንድን ኢዩ። ነዛ መሰረታዊትን፡ ከም ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ይኹን ከም ውልቀ ውድባት፡ ናይ ህላወናን ቀጻልነትናን መለክዒት ክንገብራ ዝግብኣናን ጥርናፈ፡ ከነረጋግጻ ኣይከኣልናን። እቲ ዘሰላሰሎ ስራሕ ምስ ትጽቢት ህዝቢ ዝመጣጠን ኣይንበር፡ ምስረትኡ ጥራይ፡ ንናይ ህዝቢ ተስፋ ብመጠኑ ዓቂቡዎ ዝጸንሐ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ በቲ ንክልተ ዓ መት ዝጸንሖ ቅርጺ ኪቕጽል ዘይምኽኣሉ፡ ንናይ ህዝቢ ተስፋ ኣዳኺሙዎ ኢዩ። ብሓደ ሰፊሕ ልፍንታዊ ጽላል ውድብ ኪትካእ እንተ ዘይክኢሉ ከኣ ህዝቢ ኣይተኻሕሰን ማለት ኢዩ።

በቲ ካልእ፡ ህሉው ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ፡ በቶም ካብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣትሒዞም ኪጋደሉ ዝጸንሑ ባእታታት ዝተዓብለለን ዝምራሕ ዘሎን ኢዩ። ብዙሕ ረቛሒታት ኣብ ግምት ኣትዩ፡ እዞም ባእታታት'ዚኦም ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ውሽጢ'ዘን ውድባት ዘለዎም ናይ መርሕነታት ጽፍሒታት፡ ንብዙሓት ዘየሐጉስ ኪኸውን ይኽእል ኢዩ። ከም ሓደ ካብዞም ዝገለጽኩዎም ነባራት ተጋደልቲ መጠን፡ ኣነ'ውን ብናይ ገዛ ርእሰይ ኣብ መርሕነታዊ ጽፍሒ ምህላው ሕጉስ ኣይከንኩን። ዕድሜና ኣብ ሱሳታት ኣብ ዝተገማገመሉ ግዜ፡ ንህሉው መርሕነታት ክትክእ ዝኽእል፡ ብቕዓትን ቅሩብነትን ዘለዎ፡ ሓድሽ ወለዶ ኪቕልቀል ዘይምኽኣሉ የተሓሳስበኒ ኢዩ። ሓድሽ ወለዶ፡ ኣብ

*ውሽጢዘን ህሉዋት ውድባት ኣትዩ ኣብ ንለውጢ ዝካየድ ቃልሲ ንከይሳተፍ ምኽንያት ዝገብሮ ብዙሕ ምኽንያታት ክህልዎ ይኽእልዩ። ካብቲ ብዙሕን ኣብ ቃልዕ ዝዝረበሉን ምኽንያታት፡ ህሉዋት ውድባት፡ ንጹርን ምዕቡልን ፖለቲካዊ ፕሮግራማትን ዕላማታትን ዘይብሎም፣ ግዜኡ ብዘሕለፈ ወለዶታት ዝምርሑ፣ ሓድሽ ሓሳባት ይኹን ቅርጽን ኣገባብን ዘይውንኑን ንዝቐርበሎም ዘይቅበሉን፣ ካብ ዘይኤርትራዊ ሓይሊታት ናጻ ዘይኰኑ፣ ምሁራትን መንእሰያትን ኣብ ቃልሲ ክሳተፉ ዕድል ዘይህቡን ዘየተባብዑን፣ ... ወዘተ፡ ዝብል ይርከቦ። ኩሉ ዝጠቐሱዎ ነጥቢታት፡ ኣብ ኤርትራውያን ውድባት ዝርከብ ጉድለታት፡ ሓቂ ኪኸውን ይኽእል ኢዩ። ንለውጢ ናይ ምቅላስ ኒሕን ሓቦን ዘለዎ ምሁርን መንእሰይን ግን፡ ጉድለታት ዘርዚሩ ንዕኦም ክደጋግም ጥራይ ግዜኡ ከሕልፍ ትጽቢት ኣይግበረሉን ኢዩ። ንጉድለታት ከለልዩ ካብ ከኣሉ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ቃልሲ ኣትዮም ክእርሙዎም'ውን ኪቃለሱ ኣለዎም። ከምቲ ኣብ ሰልፊ ዲሞክራሲ መንእሰያትን ምሁራትን ንምስታፍ ማዕጾ ብገፊሑ ተኸፊቱ ዘሎ፡ ናይ ካልኦት ውድባት'ውን ከምኡ ምዃኑ እግምትየ። መንእሰያትን ምሁራትን ነዚ ዕድል ክጥቀሙሉ ኣለዎም። እዚ ሓደ ካብ ናይ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ እምነት መሐደሲን ክብ መበሊን ኪኸውን ይኽእል'ዩ።*

*ምሁራትናን መንእሰያትናን ኣብ ቃልሲ ንክሳተፉ ኣብ ናይ ካልኦት ምትብባዕ ጥራይ ክምርኰሱን ንዕኡ ክጽበዩን ቅቡል'ዩ ኣይብሎን። ክይሕወሱዎ ማዕጾኡ ዝዓጸወ ውድብ ድማ የለን። እንተ ደለየ'ውን ኣይክእልን። ለውጢ ኣብ ምምጻእ ክትሳተፍ ፖለቲካዊ መብጽዓ* (commitment) *ክህልወካ ኣለዎ፡ መብጽዓኻ ከተተግብር ድማ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ውዳበን ንጥፈታትን ክትኣምንን ክትሳተፍን የድሊ። ነዚ ብግብሪ ከየርኣኻ፡ ካልኦት ንዝገብሩዎ ናይ ምቅላስ ፈተነ ሃሰስ ኢልካ ጌጋታት ክትረክብን ብኡ ክትወራዘን ክትፍትን፡ ካብ ምሁርን መንእሰይን ትጽቢት ዘይገበርናሉ ኢዩ።*

*ብህሉው ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ዝተዳኸሞ እምነት ህዝቢ ምህላዉ ርዱእ ኢዩ። ህዝቢ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝነበሮ እምነት ፈጺሙ ኣጥፊኡ'ዩ ምባል ግን ጌጋ እመስለኒ። ህዝቢ ኣብ ውድባት ትጽቢት ጸኒሑዎ። ትጽቢታቱ ከም ዝደለዮ ስለ ዘይተማልኣሉ እምነቱ ጎዲሉ ወይ ተዳኺሙ። ውጽኢታት ከኣ ኩልግዜ ማዕረ ትጽቢታት ኣይጎዓዙን ኢዮም። እምነት ምስ ትጽቢት ትሓዋውሶ ከይትህሉ። ትጽቢታትካ ምስ ዘይማልኣልካ ብዚመስልካ ምዝራብ ቀሊል ስለ ዝኾነ፡ እዚ ኣይተገብረን እቲ ኣይተማልኣን ይበሃል'ዩ። እቲ ኣስተውዒሉ ዚነቅፍ፡ ንገዛእ ነብሱ'ውን ዘቕርበላ ሕቶታት ኣሎ ኢለ እኣምን'የ። 'ኣነዶ እንታይ ኣበርኪተ'የ?'፡ 'ኤርትራ ነዞም ዚቃለሱ ዘሎዉ ዝያዳይዶ ትብጽሖም ኢያ?' ምስ ዘኣመሰሉ ሕቶታት እናተኣሳሰረ ዚነቕፈካ ሰብ ኣይጽላእን'ዩ። ብኣንጻሩ ግን፡ እቶም ነቲ ቃልሲ ብሳልሳይ ኣካል ዝርእይዎ ሰባት፡ እሞ ኸኣ ድምጾም ክብ ኣቢሎም ክውቕሱ ምስማዕ ግን ኣይጥዕሙን'ዩ። ርግጽ'ዩ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ኩሉ ኣብ ቃልሲ ክሳተፍ ኣይንጽበዮን፡ ኣይከኣልን ከኣ'ዩ። ገሊኡ ግዜኡን ገንዘቡን ከይቈጠበ ኣብ ቃልሲ ይስራዕ፡ ገሊኡ ንዋታዊ ደገፍ ይገብር፡ ገሊኡ ከኣ፡ ኣጆኹም ክወግሕ'ዩ እናበለ ናይ ሞራል ደገፍ ይህብ። ዋእ፡ ገለ ድማ ብማዕዶ ነቐፌታ ዝውርውር ኣሎ። ብዙሓት ከኣ፡ ጕዳይ ሃገርና ዘስደመሞምን፡ መገዲ ደንበ ተቓውሞ ዘይተረድኦምን፡ ኣብ ስቕታ ዓለም ይነብሩ ኣለዉ። ኩሉ'ዚ ዘርኤና፡ ኩሉ ተቓዋሚ ተቓላሲ ማለት ከምዘይኰነ ኢዩ። ማለት፡ ንህሉው ስርዓት ዝቃወም፡ ንለውጢ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ግን ኣበርክቶ ዘይብሉ ወይ ዘይሕወሶ ብዙሕ ምዃኑ።*

ክሳብ ሕጂ፡ ንርእስና ኣብ ምውዳብ፣ ኣብ መንጎና ሓሓሊፉ ንዚውላዕ ሓዊ ኣብ ምጥፋእ፣ ዝሰርሑን ዘይሰርሑን መደባት ኣብ ምስራዕን ንዝተበላሸዉ ኣብ ምጽጋንን፣ ቅኑዕነቱን ሓቅነቱን ንግዜኡ ተወንዚፉ፡ ኣብ ህዝቢ ወጺእና መንነትናን መደባትናን ምግላጽ፣ ... ወዘተ፡ ኣብ ዘኣመሰሉ ስርሓት ኢና ክንዋሳእ ጸኒሕና። እቲ መድርኽ ኣብ ምዝዛሙ ገጹ እናኸደ ሃልዩ ኣብቲ ዚስዕብ መድርኽ ንምስግጋር ዝተፈላለዩ መጽናዕ ትታት ኣብ ምብጋስ ንርከብ ኣሎና። ከምዚ ክብል ከሎኹ ግን ኣብ የዋህ እምነት ተመርኵሰ ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘሎኹ። ተመክሮናን ትዕዝብትናን ኣብ ግምት እናእተኹ'የ ሓሳበይ ዘካፍለካ ዘሎኹ። ኵሉ ህዝቢ ግልብጥ ኢሉ ክመጸና፣ ብዙሓት፡ ስርሖኦም ገዲፎም ተወፍዮም ኪቃለሱ፣ ሱቕ ኢሉ ዘሎ ድማ ብዓውታ ድምጹ ከስምዕ ኣይንጽበዮን ኢና። ነቶም ምሳና ተሰሪዖም ክሰርሑ እንደልዮም ሰባት'ውን ጸቕጢ ኣይንገብረሎምን ኢና፣ ብድልየቶምን ግዜኦምን ዓቕሞምን ብዘፍቅዶ መሰረት ክጽንበሩና'ዩ ድልየትና። ብዙሕ ሕልና ዘሎዎ ሰብ ስለ ዘሎ ድማ ሰለይ ኢሉ እቲ ቅኑዕ ምርጫ ክወስድ ምዃኑ ኣየጠራጥረንን። እንተ ንሕና ግን፡ ዕላማናን ድልየትናን ካብ ምግላጽ ኣይክንቀኑጠብን ኢና። ተቓዋሚ ናብ ተቓላሳይ ንምልዋጥ ዚካየድ ጻዕ ርታት ቀሊል ኣይኮነን።

**ሕቶ፡- ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዘሎ ዝምድናታት ክንሰግር፡- ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝግበር ዝምድናታት፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ጉጅለታት ተቓውሞ ድማ ብፍላይ፡ ገና ኣሻሺ'ዩ ዘሎ። ምንጪ ናይ'ዚ ምጥርጣራት'ዚ እንታይ ኢዩ? ምኽኑይ ድዩኸ?**

እቲ ምጥርጣራት ኣብ መንጎ ክልተ ወገን፡ ማለት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን፡ ጥራይ ኣይኮነን። ብመጀመርታ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያንን መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ካብ ነዊሕ ግዜን ዝተፈላለየ መበገሲታት ዘለዎን (ገሊኡ እዉጅ ገለ ድማ ገና ኣብ ቃልዕ ዘይዝረብ) ኢዩ። እቲ ካልእ ከኣ፡ ብሰንኪ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘሎ ወይ ክህሉ ኣለዎ ዝብሃል ርክብን ዝምድናታትን ዝተላዕለ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ውድባት ዝርከብ ሓድሕዳዊ ዘይምትእምማን። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ውድብ ኣብዚ ጉዳይዚ ዘለዎ ኣጠማምታን መበገሲታቱን ከምዚን ከምቲን ኢዩ ክብል ኣይደልን'የ ... ግዚኡ ስለ ዘይኮነ። ኪገልጾ ዝደልን ዝኽእልን፡ ናትና፡ ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ኣጠማምታን መበገሲታቱን ጥራይ ኢዩ።

ሰዲኤ፡ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ጽቡቕ ዝምድና ኪህልወና ንደሊ ኢና። ካልኦት ውድባት'ውን ብተመሳሳሊ፡ ክህልዎም ኣለዎ ዝብል እምነትን ድሌትን ኣሎና። እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ መንግስቲ ህግደፍን መንግስቲ ሱዳንን ተፈጢሩ ዘሎ ሓድሽ ዝምድና፡ ኣብ ዝምድናታትና ምስ መንግስቲ ሱዳን ኸሸትሎ ዝኽእል ጽልዋ ገዲፍካ (ገና ተነጺሩ ስለ ዘይተፈልጠ)፡ ምስ መንግስቲ ሱዳን ጽቡቕ ዝምድናታት ጸኒሑ። ከም ጎረባብቲ ሃገራት መጠን (ሱዳንን ኢትዮጵያን)፡ ክልቲኦን ብማዕረ፡ ኣብ ሃገርና ብዝፍጠር ምዕባለታት ዝጽለዋን፡ ንምዕባለታት ሃገርና ዝጸልዋን ኢየን። ከም ተቓወምቲ ውድባት መጠን፡ ካብኦን ተነጺልካን ርሒቕካን ኣድማዒ ዝኾነ ስርሓት ክሰላሰል ከም ዘይክእል ይርድኣና። ይኹን'ምበር፡ ካብዚ እምነት ብምብጋስ፡ ዓይንና ዓሚትና ንተሓቖፎም ወይ ንተሓንገሮም ኣይንብልን ኢና። ኣውራ ምስ ኢትዮጵያ፡ ናይ ግዜ መግዛእቲ ምቁሳል ከይኣክል፡ ካብ 1998 ንድሓር ዝተራእየ ምዕባለታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንተቓወምቲ ውድባት ድማ ብፍላይ (ንኩሎም ማለት ግን ኣይኮነን)፡ ዘቕስን ኣይኮነን።

ሰዲኤ፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ናይ ዝነበረ ኩናት ጠንቂን ሳዕቤንን፣ ናይዚ ኣብዚ እዋን ዘሎ ዝምድናታት መንግስቲ ኢትዮጵያን ኤርትራውያን ውድባትን፣ ብፍላይ ከኣ ናይ ሰዲኤን ኢትዮጵያን፣ መበገሲ ኪኸውን ከም ግድን ጌርና ኣይርአናዮን። ናይ ሓቂ እንተ ኰይኑ፣ ጉዳይ ዶብ፣ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ክሳብ ኩናት ከልዕል ዝኽእል ሽግር ኣይኰነን፣ ኰይኑ'ውን ኣይፈልጥን። ከም ዝፍለጥ፣ ሰዲኤ፣ ኣብቲ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ዝተጋብአ መስራቲ ጉባኤኡ፣ ክሳብ ናብ ኣዲስ ኣበባ ልኡኽ ሰዲዱ ብዛዕባ ምስ ኢትዮጵያ ኪህሉ ዘለዎ ዝምድናታቱ ክዝቲን፣ ንቡር ዝምድናታት ኪምስርትን፣ ድሌቱ ብመትከል ገሊጹ ኢዩ። ብግብሪ መዓስን ከመይን ይትግበር ከኣ፣ ሓላፍነት ንመርሕነት ገዲፉሉ። መርሕነት ሰዲኤ፣ ህውኽ ኢሉ፣ ምስ ኢትዮጵያ ዘሎና ዝምድና ናብ ንቡር ንምለሶ ኣብ ዝብል መድመደምታ ኣይበጽሐን። ብተዘዋዋሪ'ኳ ይኹን'ምበር፣ ንዝምድናታትና ዝትንክፉ ምዕባለታት ብቐጻሊ ንከታተል ኔርና ኢና።

**ሕቶ፡- ገና ንውሳነ ኮሚሽን ዶብ ከይተቐበለት ከላ፣ ምስ ኢትዮጵያ ዝግበር ርክብን ምትሕግጋዝን፣ ብፖለቲካ ይኹን ስነ-ምግባር፣ ቅኑዕነት ኣለዎዶ?( ቅኑዕ ድዩ)?**

ብዛዕባ ኣብያ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንብይን ኮሚሽን ዶብ፣ ብዙሕ ተዘሪቡ። ሰዲኤ'ውን ደጋጊሙ መርገጺኡ ኣነጺሩ ኢዩ። ብኢትዮጵያ ዝተወስደ ምርጫ፣ ንኩሉ ኤርትራዊ ኣተሓሳሲቡዎን ኣብ መጻኢ ድሌት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዙሓት ምልክት ሕቶታት ኣቐሚጡሉን ኢዩ። ውሳነ ኮሚሽን ዶብ ናይ መወዳእታ፣ ቀያዲን፣ ይግባይ ዘይብሃለሉን ኢዩ ኢሉ ኣቐዲሙ ብክታሙ ኣረጋጊጹዎ ከብቅዕ፣ ንናቱ ትጽቢት ዘየርዊ ኮይኑ ምስ ረኸቦ፣ ነቲ ብይን ዘይፍትሓዊን ዘይሕጋዊን ኢሉ ክነጽጎ ከሎ እንታይ ማለቱ ኢዩ? ከምቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝግለጽ፣ ንስድራ ቤታት ኣብ ክልተ ሃገራት ስለ ዝመቓቐለ? ኣብያተ እምነት፣ ትምህርቲ፣ ሕክምና፣ ... ወዘተ፣ ኣብ ክልተ ስለ ዝጨደደ? ጥሪት ዶብ ጥሒሰን ተባሂሉ ዳግማይ ኩናት ከይልዓል? ብኣጠማምታን እምነትን ሰልፊ ዲሞክራሲ፣ ኩሉ ክሳብ ሕጂ ዝሰማዕናዮ ምኽንያታት ዘይቅቡል (invalid) ኢዩ። “ንኤርትራ ካብ ኤርትራውያን ንላዕሊ ተቓሊስናላን ከፊልናላን ኢና” ብዝብል ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራትን ህዝቢታትን፣ ንምርግጋጽ ሰላምን፣ ዝምድናታት ክልቲኦም ሃገራት ናብ ንቡር ንምምላስን፣ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ከይውሰድ ዕንቅፋታት ከቐምጥ ክትርኢ ከሎኻ፣ ኣቐዲሙ ንዝብሎ ዝነበረ ዳግመ ገምጋም ክትገብረሉ የገድደካ። ልክዕ'ዩ፣ እዞም ክልተ መንግስታት ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘለዉ፣ ዋላ ብይን ኮሚሽን ዶብ እንተ ተተግበረ'ውን፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ሰላም ተረጋጊጹዩ ክትብል ዘሸግር ኢዩ። ትግባረ ናይቲ ብይን፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢታትን ሃገራትን፣ ነባሪ ሰላም ንምርግጋጽ፣ ኣገዳሲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ምዃኑ ግን ኣይክሓድን። ንህዝቢ ኤርትራ፣ ነቲ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲን ቅድሚኡን ዝነበረ ይኹን፣ ብሰንኪ ናይ 1998 ዝተወሰኸ፣ ኣንጻሩ ዝተወስደ ግፍዒታት፣ ብናይ ኢትዮጵያ ንሉኣላውነቱ ዘረጋግጽ ብይን ኮሚሽን ዶብ ምቕባልን ምትግባርን፣ ብመጠኑ ክደዓዓስ ይሕግዞ ኢዩ። ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ከኣ፣ እምነት ህዝቢ ኤርትራ ኪኸስብ የኽእሎ። እዚ፣ እቲ ነዊሕ ዝዓለመ ዝመስል፣ ውልቀ-ሓለፍቲ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን ብቃልዕ ኪገልጹዎ ስክፍታ ዘይስምዖም፣ ናይ ኤርትራን ኤርትራውያንን ትምክሕቲ ክስበር ኣለዎ፣ ዝብል ቅርሕንቲ ከይረሳዕካ'ዩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ብዘይምቕባሉ፡ ንናይ መንግስቲ ህግደፍ ቦታ ኣብ ምድልዳል ዝዓበየ ተራ ይጻወት ምህላዉ፡ ንሱ'ውን ዝስሕቶ ኣይመስለንን። ሎሚ፡ ብህዝቢ ኤርትራ ዝቐርብ ዝኾነ ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊን ጠለብ፡ ምስ ናይ ህግደፍ "ዶብና ከይተኸለለን ሉኣላውነትና ከይተረጋገጸን፡ ዲሞክራሲ ትርጉም የብሉን" ዝብል መልሲ ይራጸም ኣሎ። መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ናይ ሃገራዊ ጸጥታኡ ዝዓበየ ስግኣት፡ ህሉው መንግስቲ ኤርትራ'ዩ፡ ኢሉ ንዝህቦ መግለጺታት ክንኣምኖ እንተ ኰና፡ ብኣንጻሩ ከኣ፡ ኣንጻር እምነቱ ዝኾነ ስጉምቲ ይወስድ ምህላዉ፡ ንርኢ ኣሎና። ህዝቢ ኤርትራ ነየናይ ኢዩ ክኣምን? ሎሚ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ስክፍታ፡ ህሉው መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ካብ ህላወን ቀጻልነትን መንግስቲ ህግደፍ ዝጽበዮ ጥቕሚ ከይህሉ'ዩ። በቲ ካልእ ወገን፡ ድሌት መንግስቲ ህግደፍ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ምስ ሒዙዎ ዘሎ ናይ ዶብ መርገጺ፡ ኣብ ስልጣን ኪቕጽለሉ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ምኽላል ዶብ ኣብቲ ዝቕጽል ጠለባቱ ኣቢሉ ክመርሖ ስለ ዝኾነ። ዋላ'ኳ ኵናት ምስ ኢትዮጵያ ምኽፋት ናይ ስልጣኑ ምኽታም (መወዳእታ) ምዃኑ ዝፈልጥ እንተ ኰነ፡ መንግስቲ ህግደፍ፡ ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ህሉው መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ንቡር ዝምድና ዳግም ክምስረት ንረብሕኡ ከም ዘይኰነ ከኣ ይፈልጥ ኢዩ። ምኽላል ዶብ፡ ሓደ ካብቲ ናብ ምስረታ ንቡር ዝምድና ዘምርሕ ስለ ዝኾነ፡ መርገጺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከይቕየር ሓደ ካብ ስክፍታታት መንግስቲ ህግደፍ ኢዩ።

ናብቲ ሕቶ ክምለስ፡ ሎሚ፡ ድሕሪ ኣህጉራዊ ኮሚሽን ዶብ ብይኑ ምሃቡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ቀዳምነት ዝህቦ፡ ሕቶ ምርግጋጽ ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊን መሰላቱ ኢዩ። ሕቶ ቁጠባዊ ራህውኡን ማሕበራዊ ፍትሒን ኢዩ። ጉዳይ ምኽላል ዶብ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ቀዳምነት ኣይኰነን። እቲ ጽቡቕ፡ ዶብና ብኣህጉራዊ ሕጊን ውሳነን ተረጋጊጹ'ዩ። ዶብ ኤርትራ-ኢትዮጵያ ኣብ መሬት ስለ ዘይተኸለለ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናቱ ጀሆ ኪኸውንን ኩሉ መሰረታዊ መሰላቱ ኪሕደግን ምኽንያት ኪኸውን የብሉን። ኣሕዋትና ኢትዮጵያውያን፡ ቃሎምን መብጽዕኦምን ኣኽቢሮም፡ ንትግባረ ብይን ኮሚሽን ዶብ ኪቕበሉ ንሓቶም። ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንትግባረ ብይን ኮሚሽን ዶብ ምቕባል፡ ሓደ ክፉል ናይ ብናጽነትን ሉኣላውነት ኤርትራን ምእማንን፡ እምኒ ኩርናዕ መጻኢ ጽቡቕ ጉርብትናዊ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢታትን ሃገራትን፡ ጌሩ ይርእዮ። ሕቶ ምኽላል ዶብ፡ ኣብ መንጎኡን መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ንዝህሉ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ከም ኩነት ኣቐሚጡ ግን ኣይፈልጥን። ብሓጺሩ፡ ብመትከል፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምርኻብን ምትሕግጋዝን ክህሉ የብሉን ዝብል እምነት የብሉን።

ሰዲኤ፡ ክሳብ ሕጂ፡ ብጭቡጥ ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኑ ካብ ምንጣፍ ዓጊቱዎ ዝጸንሐን ዘሎን፡ እቲ ኩሉ ግዜ ንገልጾ፡ ጉዳይ ስክፍታ ስእነት ናጽነት ኢዩ። ካብ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኮና ብናጻ ናይ ምንጣፍ ፈተነ ጌርና ስለ ዘይከኣልና ዝተበገሰ ስክፍታ ኣይኰነን። ናጽነት ክህልወና ድዩ ኣይህልወናን፡ ባዕልና ፈቲንና ከነረጋግጾ'ውን ግድን ኣይንብሎን ኢና። ብወገን ላዕለዎት ውልቀ ሓለፍቲ ኢትዮጵያውያን ኣንጻር ሰዲኤ ዝግበር ናይ ጸለመ ዘመተን፡ ገና ኣብ ርሑቕ ከሎና ጥራይ፡ ንምድኻምና ዝወሰዱዎ ስጉምቲታትን ከም እኹል መጠንቐቕታን ሓበሬታን ጌርና ወሲድናዮ። በቲ ካልእ መዳይ፡ ዝምድና ኢትዮጵያን ካልኦት ኤርትራውያን ውድባትን ካባና ዝተኸወለ ምስጢር ኣይኰነን። ካብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣትሒዞም፡ ከም መተካእታ ህዝባዊ ግንባር ኢሎም ዝመልመሉዎምን፣ ኣብቲ መጀመርታ ናይ ናጽነት ዓመታት ከይተረፈ፡ ከም ናይ መትከል መሓዙት ቆጺሮም ንዝሓብሓቡዎምን ኤርትራውያን ውድባት፡ እንታይ ዓይነት

ኣተሓሕዛን ኣቀራርባን ይገብሩሎም ነይሮምን ኣለዉን፣ ካልእ ዓቢ መለበሚ ኢዩ። እዚ፣ ብውልቀ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህወሓት ከም ካልኣይ ገጽ ህግደፍ ተባሂሉ ዝግለጽ ሰዲኤ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኑ ክነጥፍ እንተ ፈቲኑ እንታይ ዓይነት ኣቀባብላን ኣቀራርባን ይግበረሉ ንምግማቱ ኣየጸግምን። እምበኣር፣ ሰዲኤ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከይተሓጋገዘ ዝዓበየ ዕንቅፋት እዚ ረቛሒ'ዚ ኢዩ። ሰዲኤ፣ ኤርትራዊ ውድብ ተቓዊሩ፣ ኣብ ኤርትራዊ ጉዳያት ናጻ ውሳነን ኣረኣእያን ክህልዎን፣ መረጋገጺን ምልክትን እንተ ረኺቡን፣ ንመሬት ኢትዮጵያ ክጥቀመሉ ይደሊ ኢዩ። ደጊመ ከረጋግጾ ዝደሊ፣ ናይዚ ንኽተሎ ዘሎና ፖሊሲ መወከሲና፣ ኣብ ኢትዮጵያ ኰና ክንሰርሕ ምኽኣልናን ዘይምኽኣልናን ጥራይ ኢዩ። ካልኦት ከም ዝመስሎምን ዝብሉዎን፣ ካብ ካልኦት ኤርትራውያን ውድባት ዝፈልየና ረቛሒ ክህልወና ስለ ንደሊ ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ናይ ሓባር ጉዳያት ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን ህወሓት ክዝቲን ኣብ ጽቡቕን ንክልቴና ዘዕግብን ምርድዳኣት ክበጽሕን፣ ሰዲኤ፣ ድሉው ኢዩ። ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን ውድብ ህወሓት ቅርሕንታዊ ኣረኣእያ የብሉን። በንጻሩ፣ ሰዲኤ፣ ህላወ ጽቡቕን ማዕርነታዊን ዝምድና ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራትን ህዝቢታትን፣ ንረብሓ ክልቲኡ ወገናት ጥራይ ዘይኮነ፣ ንሰላምን ምርግጋእን ዞባና ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን።

… ይቕጽል